# Förpacknings- och Tidningsinsamlingen ሓበሬታ ይሀብ*

Tigrinska




ወትሩ መጠርነፍን ጋዜጣን ናብ ዳግመ - መስርሕ ኣብ እንመልሰሉ ግዜ ሓደ ዓቢ ነገር ' ዩ ዝፍጸም። እታ ባሊቓ ዝነበረት ናብ ቡሎኒ ትቕየር፣ ዝተዓም ጨቈ ወረቐት ናብ ጽቡቕ ባኮ ሳእኒ ይቕየር። እቲ ዝተነበ ጋዜጣ ናብ ሓድሽ ዘይተነበ ጋዜጣ ይኸውን። ከምኡ ብምግባርካ እምበኣር፡ ብዙሕ ጸዓት ንኽዕቌር ትሕግዝ ኣሎኻ ማለት እዩ። ነቲ ባህርያዊ ሃብቲ ንጥረ ነገርውን ከም ዘይክሰር ትገብር። ንባህርያዊ ፍጥረትን ከባቢን ውን ከምኡ ብምግባርካ ዓቢ መኽሰብ እዩ። ንስኻ ብውልቅኻ ውን ትኽስቦ ነገር ኣሎ።

| | |
|---|---|
| ኅማን ባኮን ጋዜጣን ኣብ ዙርያ ዳግመ - መስርሕ | ኩሉ ዝእከብ ባኮን ኅማን ጋዜጣን፡ ከም ብሓድሽ ይስራሕ ወይ ካልእ ፍርያት ይኸውን። ኅማታት ናብ መከላኸሊ ድምጺ፣ መሕጸብ ኣቑሑት ብራሽ ሰፈር ዕንባባ፣ ከምኡ ውን ናይ ኅማ ሳንጣ ይስራሕ። ናይ ሓጺን ዓይነት መትሓዚታት ናብ መገዲ ባቡር ከምኡ ውን ቆፎ ማኪና ይስራሕ። ዝተነበ ጋዜጣ ናብ ሓዲሽ ጋዜጣ ይልወጥ። ጠራሙዝን ተሪር ባኮን ከም ብሓድሽ ይስራሕ። |
| ሓላፍነት ኣፍረይቲ | መንግስቲ ብዘውጽኦ ሕጊ መሰረት፣ ነፍሲ ወከፍ ባኮ ኅማ መትሓዚ ይኹን መዕቆሪ ተፍራ፡ ተምጽእ፡ ትዕሽግ፡ ትሸይጥ ኩባንያ፣ ዓሚል ምስ ተጠቐመሉ ዳግም ተመሊሱ ክእከበሉ ዘለዎ ቦታን ኣገባብን ከዳሉ ውሳኔ ኣሕሊፉ እዩ። እዚ እቲ ሓላፍነት ኣፍረይቲ ተባሂሉ ዝጽዋዕ ሕጊ እዩ። ንኹሉ ካልእ ዓይነት ወረቐትን ጋዜጣን ውን እዚ ሕጊ ይምልከቶ እዩ። ወረቐት ዘፍርዩ ወይ ዘምጽኡ ነጋዶን ኩባንያታት ውን እቲ ወረቐት ዝምለሰሉን ኣብ ዳግመ - መስርሕ ዝኣትወሉን ኣገባብ ከዳልዉ ሓላፍነቶም እዩ። ወረቐት እቲ ዝበዝሐ ናይ ስድራ ቤት ጐሓፍ ይኹን እምበር፡ ንምእካቡ ግን ቀሊል ድማ እዩ። እዞም ኩሎም ሓላፍነት ኣፍረይቲ ዘለዎም ኩባንያታት ኣብ ሓደ (ምእካብ መዐሸጊን ጋዜጣን) FTI ዝብል ስም ተጠርኒፎም ብሕብረት እዮም ዝሰርሑ። ንመኽሰብ ግን ኣይኰነን። |
| መእከቢ መደበራት | FTI ኣብ ምሉእ ሃገር ኣስታት 5800 መእከቢ መደበራት ኣለዎም። ስለዚ ወረቐት፡ ጋዜጣ፡ ኅማ፡ ባኮ፡ ሓጺን፡ ጥርሙዝ፡ ንምምላስ ናብኡ እናኸድካ ግደፎ። (ንባተርያን ክዳንን ዝኸውን ቦታ ውን ኣብኡ ይርከብ ይኸውን እዩ) |

FÖRPACKNINGS
& TIDNINGS
INSAMLINGEN

www.ftiab.se, tel 0200-88 03 11

*ምእካብ መዐሸጊን ጋዜጣን

# ከምዚ ጌርካ ፈላልዮ

**ኩሉ መዕቆሪ ጎማታት ወድኣዮን ሕጸቦን። እቲ መትሓዚታት ንጥረ ነገሩ ነንበይኑ ምስ ዝኸውን ፈላልዮ። ክትፈልዮ እንተጸጊሙካ ዓይነቱ በብሚዛኑ ፍለዮ።**



## ፕላስቲክ መዕቆሪ/ መትሓዝ ፈሳሲ

ተሪር ፕላስቲክ ንኣብነት ጥርሙዝ ዝመስል፡ ኩባያ ዝመስል፡ ሳንኬሎ ዝመስል፡ ልስሉስ ፕላስቲክ፡ ንኣብነት ፕላስቲክ ቁርባሻ፡ ተመላኢ ባኮታት፡ ፕላስቲክ ቱቦ፡ ጎማ ዝተጠብሰ ድንሽ፡ ፍሪጎሊት ጎማ መጠቕለሊ ከምኡ ውን ፊልም

ከምዚ ግበር፥ ናይ ተሪርን ልስሉስን ፕላስቲክ መአከቢ ኣብ ኩሉ መደበራት ይርከብ'ዩ፣ ኣፈላልይኡ ግን ብኽልተ ኣገባብ ይፍጸም። ወይ ንኹሉ ዓይነት ፕላስቲክ ኣብ ሓደ ትእክቦ፡ ከምቲ ኣብ መዝሕትኡ ዝግበር። ወይ ድማ ተሪርን ልስሉስን ተባሂሉ ተፈላልዩ ይእከብ። ኣብቲ እትነብረሉ ኮሙን ኣየናይ ኣገባብ ከም ዘገልግል ኣብቲ መአከቢ መደበር ተመልከቶ። ኣብቲ እትቕመጠሉ ህንጻ ውን ኣተኣኻኽባኡ ተመልከቶ። መታን ነቲ ዳግመ-መስርሕ ከቀላጥፎ፣ ኣብቲ መአከቢ ኮንተይነር ጠርኒፍካ ዘይኮነስ በብሓደ ድኣ ኣእትዎ።
ኣስተውዕል! ዓበይቲ ፕላስቲክ (መጻወቲ ወይ ኣቕሓ ገዛ) መሸፈኒ ዘይኮነስ ከም ዓበይቲ ጐሓፍ እዩ ዝቑጸር። ፕላስቲክ ናይ መስተ ገንዘብካ ክምለሰልካ ናብ ድንኳን ምለሶ።



## ወረቓቕቲ ከም መትሓዚ

ንኣብነት መጠቕለል ሽኮር፡ መትሓዚ ፓስታ፡ ጸባን ጽማቝን፡ ባኮ ሳእኒ፡ ወረቐት ሸቓቕ፡ መጠቕለሊ ሲዲ ወይ መጽሓፍ፡ መልኣኣኺ ባኮታት ወዘተ

ከምዚ ግበር፥ ጸቒጥካ ሰጥ ኣብሎ። ንንኣሽቱ ኣብ ዓበይቲ ኣእትዎ።
ኣስተውዕል! ቡስጣታት ኣብቲ ናይ ስድራ ቤት ጐሓፍ ኣእትዎ፡ (እቲ ዝባራዕ ዓይነት ውን ከምኡ) ጋዜጣን ናይ ሬክላም ወረቓቕቲ ኣብቲ ናይ ወረቓቕቲ መአከቢ ኮንተይነር ኣእትዎ።



## ሓጺን ዓይነት መጠቕለሊ

ንኣብነት ዕሹግ ታኒካታት፥ ስፕረይ ታኒካታት፡ ዕሹግ ቱቦታት፥ ባሊቃ፥ ታኒካታት ቦያ፥ ኣሊሙንዩም መጠቕለሊን መሰንከቲን

ከምዚ ግበር፥ በላሕቲ ጫፉ ናብ ውሽጢ ታኒካ ድፍኣዮ። ናይ ካብያር ቱቦ ምስ መኽደኒ ግበሮ።
ኣስተውዕል! ታኒካታት ምስ ቦያ ወይ ኮላ ከም ኣስጋኢ ጐሓፍ ንበይኑ እዩ ዝምለስ። ዓበይቲ ብሓጺን ዝተሰርሐ ነገራት ከም ድስቲ ወይ መሸፈኒን ዘይኮነ ኣቑሑት ኣብቲ መአከቢ ናይ ዓበይቲ እንዳ ጐሓፍ'ዩ ዝድርበ። ታኒካታት ኮካኮላ መሳሊ ገንዘብ ክምለስ ናብ ድንኳን ምለስ።



## ጠራሙዝ

ንኣብነት፥ ሕብሪ ዘለዎን ሕብሪ ዘይብሉን ጠራሙዝ

ከምዚ ግበር፥ መኽደኒ ወይ ባሊቃ ኣልግሶ። ከከም ዓይነቱን ሕብሩን ድማ ፈላሊኻ ኣብ መአከቢ መደበር ኣእትዎ።
ኣስተውዕል! እቲ ናይ 33 ወይ 50 ስ/ሊ ጠራሙዝ ዝብለካ፡ ክምለስ ናብ ድንኳን ምለሶ። ካልእ ተመሳሳሊ ጠራሙዝ ውን ከምኡ ግበር። ብመሬት ዝተሰርሐ ኩባያ መትሓዝ ዕንባባ ወዘተ ኣብ መደበር ዓበይቲ እንዳ ጐሓፍ እምበር ኣብዚ ኣይእከብን እዩ። ናይ ኤሌክትሪክ መብራህቲ ከቢብ ወይ ሽሊሕ ንበይኑ ኣብቲ ኮሙን ዝኣዘዞ መአከቢ ቦታ ምለሶ። ንሓበሬታ ናብ ኮሙንካ ተወከስ።



## ጋዜጣ

ንኣብነት መዓልታዊ ሰሙናዊ ጋዜጣታት፡ ካታሎክ፡ ሬክላም ዝተፈላለየ ጽሑፋት

ከምዚ ግበር፥ ቅድሚ ኣብ መአከቢ ወረቐት ምቕማጥካ፡ ነቲ ኩሉ ምስኡ ዝተላገበ ወይ ዝሸፈኖ ፕላስቲክ ኣልግሶ።
ኣስተውዕል! ቡስጣ ኣብቲ ናይ ስድራ ቤት ጐሓፍ ኣእትዎ (ዝባራዕ ነገር ውን ከምኡ)።